# ሕንቅሕንቅሊተይ

## ሰሰናቢተይ

1 ሂብ እትኸልእ ፡ ኣብሊዓ እትበልዕ
2 ሂቡ ሂብ ዘይብል ለጋስ
3 ለይቲ ተሸሊማ ቀትሪ እትቕንጠጥ
4 ሓንቲ ንኺድ ንኺድ
ሓንቲ ነሳፍሕ ነሳፍሕ
ሓንቲ ነጽልል ነጽልል } ትብል
5 ሓንሳእ ተዘሪኡ ደይ ዘይዝራእ ተዓጺዱ ምህርቲ ዘይርክብ
6 ሓንሳእ ምስ ወጻእካላ ዘይትምለሰላ መገዲ
7 ሓደ ዝሱሩ ፡ 12 ዝጨናፍሩ ፡ 30 ዝፍረአ
8 ሓደን ዝእግሩ ፡ 3ተን ዝርእሱ
9 ሓደ በርበሪ ፡ ሓምሳ ጨፋሪ
10 ሓወ ዝወዱ ፡ ሓውቱ ዝጓሉ
11 ሓሙተይ ሓው ሰብኣየይ ፡ ወዲ ሓወይ ወዲ ምዕበየይ
12 ሓደን ዝጨንፈሩ ፡ ክልተን ዝሰሩ
13 ሒደት ቀሸም ኣብ ገምገም ጸድፊ ደቂሰን
14 ህገበ ኣጽዲሩ ዝወድኤት ዓባይ ገረብ
15 ሕርሻ ውዒላ ጸብሪ ዘይትጽየቕ
16 ሕጽብ ውዒልካያ ዘይትጽዕዱ
17 መዓልቲ ተሸሊማ ለይቲ እትቕንጠጥ
18 መሰብን እትመስል ፡ ክንድ መዕብን ዘይትኣክል
19 መደያይቦን ዘለዋ ፡ ሰብን ዘይድይባ
20 መሪጹን ሒዙ ብትሕቲ ጸሓይ ዝኸይድ
21 ማይ ሰትያ ዘይትሽይን
22 ማይ ጸሎት ዘየሕውዮ ምስ ሓዘ ዘይሰድድ ሕማም
23 ሜዳ ወዲኡ ፡ ሩባ ዘይሳገር
24 ምስ ክደት ዘይትምለስ ፡ ምስ ተጠውየት ዘይትቕለስ
25 ምስላ ምስሊ በጊዕ ፡ ኣካይድኣ ሽብድዕድዕ
26 ምንእሱ ዘውድቆ ዓቢ
27 ምስ [illegible] በዓ ነይሩ ዝኸተመ ፡ ከተማ ነይሩ ዝገጠረ
28 ሞት ዚትንስእ ፡ ሓውዩ ዚስዕስዕ
29 ቃል ዝምርኩሳ ፡ ጠቃር ዝነፍሳ ጥዑም ዘሎ ብ ከርሳ።
30 ሱሩ ንላዕሊ ፡ ጉምቦኣ ንታሕቲ
31 ሰብን ዝሰራሒኡ ፡ ሰብን ዘይድዮብ
32 ሰብ ዝፈረሱ ፡ ምራን ዝልጓሙ
33 ሽሕ ዝኸዳና ከም ጓል ባሕሪ
34 ሽሕ ተኸተርቲ ፡ ክልተ ከተርቲ
35 ርእሳ ንላዕሊ ፡ ቃራናኣ ንታሕቲ
36 ቀጽሕ ጉበዝ መንጸርጸሪ

37 ቁመታ ቁመት ምሰ፣ ዋጋኣ ዋጋ ሰጋዕ
38 ቅድም ጸሊም፣ ዳሓር ጻዕዳ ኣቡዑር ወፈሩ፣ ጻዕዳ ቀዲሙ ኣተወ።
39 ቅድሚ ጕዶታኣ እትኸደን
40 ቄጽራ ዘየሳትት ጥንቁቕ ወላዲ
41 በሊዑ ዚርስዕ ዝሃብዎ ዘኽምስዕ
42 በሊዓ በሊዓ እትጽዕዱ
43 በሊዑ ዘይጸግብ፣ ዝሃብኮዮ ዘይኣቢ
44 በዕሉ ወቒዑ፣ በዕሉ ዜእዊ
45 ቤታ ዓጽያ እትሳራሰር
46 ብላዕሊ መሬት፣ ብታሕቲ መሬት፣ ኣብ ማእከላ ዘላታ ጓል ዓሌት።
47 ብላዕሊ መሶብ ብታሕቲ መሶብ፣ ኣብ ማእከላ ዘለዋ ዥርምራም
48 ብላዕሊ ቅጻዕ፣ ብታሕቲ ቅጻዕ፣ ኣብ ውሽጣ ዘለዋ መቐጸዕ
49 ብሕይወቱ ዝዓበደ፣ ምስ ሞተ ዝቐሰሰ
50 ብሚልዮን ቅርሺ ደሊኻ ዘይትርከብ
51 ብዕራይ እንዳበይ ማእገረ፣ እምበሕ ኪብል ሓደረ፣ ገለ ዒብ ከየንበረ
52 ብኣፉን ዘይበልዕ፣ ከብዱን ዚመልእ
53 ብኣፋ እናጻሕተረት፣ ብእግራ እትለቅም
5 ብዘይ ሓደ ዕለት ጸሓይ ዘይርኣየት
55 ብድቁሱ ክይድ ዚሓድር
56 ብጸሓይ ዚበቍል፣ ብማይ ዚዕጽድ
57 ተጻዊና ዒሕ ዘይትብል ኣድጊ
8 ተወርዊራ ሩባ ዘይትሰግር ኩናት
9 ተዓጢቓ እተኹድድ ቆንጆ
60 ታሕታያ ዘንጊ፣ ላዕላያ ወርቂ
61 ነዋሕ ዘንጊ ከብድ·ኣድጊ ዘይተርከበ
ነዋሕ ዘንጊ ጽላሎት ዘይብላ
62 ንሰ ጸላም ደቃ ጸዓዱ
63 ንእሽቶ ጽልቓ ኣብ ጎበ ጠቢቓ
6 ንእሽቶይ ፈላሲት ተላኺማሲት
6 ንእሽቶ ቈልዓ ዲኖ ተኸዲኑ
66 ንእሽቶ ቈልዓ ምስ ጭሕሙ ዝተወልደ
67 ንጉስ ክትእዝዝ ዘይትሓንኽ
68 ንኹሉ እትኸድን ንእሽቶ ገረብ
69 ንግሆ በ፬ተ፣ ቀትሪ ብ፪ተ፣ ምሸት ብ፫ተ እግሪ ዚኸይድ
70 ኣሰንዩካ መጺኡ ኣብ ኣፍ ደገ ዚኸድዕ ሓሽከር
71 ኣቑሑኣ ኣውዲቓ ምስ ሃደመት ዘይትምለስ

72 ኣቦን ኣደን ዘይብሉ ፍጥረት
73 ኣባ ዝዕንድፍ ፡ ብኸፉ ዚነድፍ
74 ኣባ ጃዊ ሰሊፉ ወቒዑ ዘእዊ
75 ኣቦይ ዝሃቡኒ መንበር ፡ ሞይታ ዘይትቕበር
ወዲቓ ዘይትሰበር
76 ኣብ ውሽጢ በዓቲ ለይለይ እትብል
77 ኣብ ዱር ኣትዩ ሓሸኽ ዘይብል
78 ኣበ ጸዋር ደቂ ፡ ደቂ ጸወርት ስንቂ
79 ኣቦይ ብኸፎም ፡ ክሳብ ጽፍሪ ኣፎም
80 ኣርባዕተ መስተንክራት ፤
81 ኣርባዕተ ዝንግሪር ፡ ቀኈልቁል ኣፈን ተደፊኤን
82 ኣርባተ ዝእግራ ፡ ሽሕ ዝዓይና
83 ኣነስ ተላኢኸ ፡ ንስኻኸ ናበይ ደሊኻ
84 ኣደይ መዓያ ኣቕፍጨን ዝጕያ
85 ኣዲኣ እትሓንቕ ጩካን ጓል
86 ኣዳሪራ እትስቀል
87 ኣጣል ዓበዳ ፡ ተደቢረን ሓዊ ኣንደዳ
88 ኣጻውራኣ ኣጻውራ ፊሳ ፡ ኣናቕዋእ ኣናቕዋ'ንበሳ
89 ኣፉ ትዏ ኢሉ ፡ ብኢዱ ዝናገር ጉዳም ሰብኣይ
90 ኣፍ ዘይብላ ሳርማ
91 እንተ ተሰከምያ ትፈኵሶካ ፡ እንተ ራገፍካያ ተፍኵሶካ
92 እንተ ተጻዕነት ፡ ፡ ፈኵሳ ፡ እንተ ተራገፈት ዝኸብዳ
93 እንተ ጸዓንካያ ጕዩ ፡ እንተ ራገፍካላ ትድቅስ
94 ዓቢ ገዛ ብሓቕ ዘይርከቦ
95 እንተ ተኸድነት ዘኽፍኣላ ፡ እንተ ዘይተኸድነት
ዘጥዕመላ
96 ዓውድን ትመስል ፡ ክንድ ዓውድን ዘይትኣክል
97 ዕንዱ ምስ ኣጽፈሩ ተወሊዱ
98 ክም እንጀራ ንብርብር ፡ ክም ነብሪ ዝንጕርጕር
99 ከይሰቓልካያ ስቕልቲ ፡ ከይሓጸብካያ ሕጽብቲ
100 ከይሰሓልካያ ስሒልቲ
101 ክም ዓቢ ዘጭሓመ ፡ ክምቄልዓ ዝተሓዝለ
102 ከይሃብካዮ ዘይሀብ ለጋስ
103 ከይዳ ከይዳ ዘይትውዳእ ጕማ
104 ኪውርወር ክይተራእየ ዚወግእ ኵናት
105 ኪወፍራ ዚኣቱ ፡ ኪኣትዋ ዚወፍር
106 ኪወፍራ ጓዕማማት ፡ ኪኣትዋ ቀራናት
107 ኪኸይድ ዚነብር እሞ ዘይደክም
108 ካብ ኣፍካ ዚወጽእ ፡ ካብ ከብድኻ ዘይመጽእ
109 ካብ ብሕይወታ ፡ ምስ ሞተት ዝዓበ ደሃያ

110 ክልተ ኣሓት ፡ ሓንቲ ዕውርቲ ሓንቲ ጸማም
111 ክልተን ዝሰራ ፡ ሓደን ዝጨንፈራ
112 ክልተ ጐረባብቲ ፡ ንሓድሕደን ዘይርኣኣያ
113 ክልተሳዕ ዚውለድ ሕይወታዊ ፍጥረት
114 ክትከይድ ለተንኪኤል ፡ ክትምለስ ራእሲ ምኪኤል
115 ክትከይድ ዘይትዕንቀፍ
116 ክይድ ውዒላ ፡ ክይድ ሓዲራ ዘይትደክም
117 ክይድ ውዒላ ሩባ ክትበጽሕ እትሕረድ
118 ክይድ ውዒሉ ኣሰሩ ዘይርከብ
119 ክሳዱ ዝተሓንቀ ፡ ጭራኡ ዝተጠወቐ ሕንብርቱ ኣብ
መሬት ዝጠበቐ
120 ክትከይድ ከም ደገዝማቲ ክተዕቅል ከም በዓቲ
121 ኩሉ ኪጠልም ፡ ምንም ዘይጠልም
122 ክይወጸኒ ቢልካ ትሽገረሉ ዝነበርካ ፡ እንተ ዝወጸለይ
ቢልካ እትህወኸሉ
123 ከይፈቶናዮ ዝፈትወና
124 ድላዩ እናገበርናሉ ዝጸልኣና
125 ዋልታ እናገተረ ፡ ኩናት እናወርወረ ፡ ጽብጦ እናው
ደቐ ዚኸይድ
126 ውሽጠ-ውሽጢ ኪኸይድ ዚውዕል
127 ዘይራ ዘይራ ማዕጾኣ ጭራሮ
128 ዘይውዳእ መገዲ
129 ዘይንቕነቕ ጉንዲ
130 ዘይሰርብ ነጐዲ
131 ዘይልዓል መኣዲ
132 ዘይፍታሕ ቀይዲ
133 ዘይድፈር ሃይዲ
134 ዘይበርህ መብራህቲ
135 ዘይወግሕ ለይቲ
136 ዘየዕቅል በዓቲ
137 ዘይሕረስ ርስቲ
138 ዘይሓዊ ቊስሊ
139 ዘይወጽእ ምግሊ
140 ዝሃብካያ እትበልዕ ፡ ማይ እንተስተኻያ እትመውት
141 ዝውር ውዒላ ፡ ጽፍዒት ድራራ
142 ደኒኑ ይቕረ በሉለይ ዚብል ሃብታም መጋቢ
143 ደብዲብካዮ ዘይነብዕ ፡ ከይደብደካዮ ዝነብዕ
144 ዱር ነይሩ ጽግኢ ዝኸነ
145 ድሕሪት ተወሊዱ ካብ ምዕባዩ ዝዓቢ
146 ድግ መናድግ ፡ ሰስ መላሰስ - ቀርና ሰማይ ጠቀስ
ጭራኣ ምድሪ ሓበስ

147 ጸላም ጻዕዳ ብተይ ኣኸቲላ
148 ጸሊም ጉበገ ገጽ ንጉስ ዘየሕፍሮ
149 ጸሊም መብራሁቃ ፡ ጻዕዳ ኣካላታ
150 ጸሊም ብዕራይ ፡ ክይድ ገዘውዕል ኣብ ቀላይ
151 ጸበእ ጸሊም ፡ ጓጉዳ ጻዕዳ
152 ጻዕዳ ብዕራይ መኸዲ ፡ ቀይሕ ብዕራይ በርባሪ
153 ጻዕዳን ጸሊምን ኣቡዕር ተባእሱ ፡ ጻዕዳ ሰዓረ
154 ፈላሲት ኣብ ላዕሊ ፡ ወይዘሮ ኣብ ማእከል ፡ በርያ
ኣብ ቃሕቲ ።

# መልሲ ናይ ሕንቅሕንቅሊተይ

1 መሬት
2 መሬት
3 ሰማይ ብኾኾብ
4 ውሕጅ
ሮማዲ
ልኻይ
5 ጸጕሪ
6 ማህጸን ኣደ
7 ዓመት
8 መስኤ
9 መሰቓን ጸብሕን
10 ወጠጦ ካብ ኣዲኡ
ዝወሰዶ
11 ዓቢ ሓዋ ካብ ሓማታ
ዝወሰዶ
12 ወረንጦ
13 ቆርኒብ ዓይኒ
14 ዕጹ በለስ
15 መርፍእ
16 መቀኑጦ
17 ዕዳጋ
18 ጥፍሒ
19 ማሽላ
20 መላጥ
21 ደርሆ
22 እርጋን
23 ጻጸ
24 ንእስነት
25 ማንቲለ
26 ማሕጸ ንኣም
27 ስኒ (ኵርምቲ)
28 ዓራዛባነ
29 ቀራዕ
30 ጭራ ላም
31 ኩናት
32 ዕትሮ
33 ዕፉን
34 እኽልን መጥሓንን
መዲድን
3 ኣካል ሰብ
36 ሓዊ
37 መጽሓፍ
8 ንዳጕሳ ስገም ቀደሞ
9 ዕፉን
0 ማህጸን
1 ኣፍ
42 መጥሓን
43 ቀላይ
44 ጭጕራፍ
45 ጥጥቖ
46 መገዲ መጎጎ ጣይታ
47 ሰማይ ምድሪ ህዝቢ
8 ሴፍ (እንዳ ሴፍ)
9 ወጠጦ
50 ንእስነት ወይ ጥዕና
51 ከበሮ
52 ጥኑስ
53 ወረጦ
5 ባሕረ ኤርትራ
5 ልቢ (ሓሳብ)
6 ጸጕሪ ርእሲ
7 ንእዲ
8 ክንቲት
9 መፍቶል
60 ማሽላ
61 መገዲ
62 ጀበና
63 ዕዝኒ
6 ሹርባ (በርበረ)
6 ጽንጽያ
66 ብቐሊ
67 ሽንቲ
68 ጡጥ
69 ሕጻን ጉበዝ ኣረጊት

70 ጽላሎት
71 ነፍሲ
72 ኣዳም
73 ደንጐላ
74 ኣርሓ ጸርሆ
75 ሽም
76 መልሓስ
77 ቁማል
78 ናሕሲ
79 ዕረ
80 ሰማይ ብዘይ ዓንዲ ዚነ
ብር ፣ ቀላይ ወቒዕክዮ
ዘይስንብር ደርሆ ብዘይ
ጡብ ዚዓቢ
81 ኣጥባት ላም
82 ዓራት
83 ጽላሎት
84 ዕንቅርቢት
85 መእሰር ኩቾታ
86 መሰብ
87 መናፍሕ
88 ጠበንጃ
89 ጸሓፊ
90 እንቋቑሖ
91 እንጀራ
92 ከብዲ
93 ከብዲ
94 ቤተ ክርስቲያን
95 ሾዕንቲ
96 ወርሒ
97 ኣኽሎ
98 ዳዊት (መጽሓፍ)
99 ምልዖ
100 እሾኽ
101 ሰፋን
102 ግራት
103 እግሪ
104 መርገም
105 ቀርኒ ከብቲ
106 ጸወርቲ ለዕጸው
107 ዘመን

108 ቃል ዓለም
109 ላም (ከበሮ)
110 እዝንን ዓይንን
111 ወረንጦ
112 ኣዒንቲ
113 ደርሆ
4 ደርሆ ምስ ጨቓዊታ
5 ጸሓይ
6 ውሒጅ
7 ጸብሒ
8 መርከብ
9 ነዊት
20 ደርሆ
2 ግምበር
22 ሬሳ
23 ፈጣሪ
24 ዲያብሎስ
25 ዱብ
26 ማሕረሻ
27 ዓይኒ
28 ደምነት
29 ሕሱም ጐረቤት
30 ንብዓት ዘይብሉ ብኽያት
3 ሓሳብ
32 ግዝት
33 ሞት
34 ሕማቕ ውላድ
35 ሕስምቲ ሰበይቲ
36 ሕማቕ ሓው
መቓብር
ጸርፊ
ቂምታ
40 ሓዊ
4 መንፊት
142 ማሽላ (ኩደን)
43 ሀድሞ
4 መላጥ ርእሲ
5 ቀርኒ ካብ እዝኒ
6 ላም
7 መርፍእ
ሃጠማ

149 ብራና (ወረቐት)
150 ዓለኽቲ
151 ጀበና
152 ሡርምትን ልሳንን
153 ጸበ ማይን
154 መኮዲ ፡ ጣይታ መጎገ

## ናይ 12 አዋርሕ ሓተላ

ሓተላ መስከረም ዳርጋ ዋሀረም (ከሉ ሱሩ ለምለም)
ሓተላ ጥቅምቲ ሃበ ንቆልዓ ሰበይቲ
ሓተላ ሕዳር ይፍሰስ ናብ ሕዳር
ሓተላ ታሕሳስ ደገውዲእካ ምፍሳስ
ሓተላ ጥሪ አጋንእ ሰባሪ
ሓተላ ለካቲት ንጸማቐኣት ንሰንካቲት
ሓተላ መጋቢት አጠንቅቃ ንወሃቢት
ሓተላ ሚያዝያ አጽኒዕካ ምሓዝ'ያ
ሓተላ ግንቦት ይሰለምዎ ከም ታቦት
ሓተላ ሰነ አበይ'ሞ ምስተገኑ
ሓተላ ሓምለ ይቐድሕዎ ብብርለ
ሓተላ ነሓሰ ተኺዕዩ ምተሓፍሰ
ሓተላ ጳጉምን ዘይርከብ ሓርኢ·ተመን

## ናና 12 አዋርሕ ሡነታት

መስከረም ተዛራቢ ዝነበረ አፉ'እረም
ጥቅምቲ ፍርቃ ሕስምቲ ፍርቃ ጥዕምቲ
ሕዳር አብ ዝደለኻዮ ምሕዳር
ታሕሳስ አብዝኸነ እኽለ ማይ ምፍሳስ
ጥሪ ዘይኮሪ ዝነበረ ይኾሪ ፡ ሓኽሊ ማሕጾ
ይኸውን በትሪ
ለካቲት ተጠንቀቒ በላ ንሰንካቲት
መጋቢት አይትለግሲ በላ ንወሃቢት
ሚያዝያ ተጠንቂቕካ ምሓዝያ
ግንቦት እንጀራ መቕደስ ፡ ስዋ ታቦት
ሰነ ንገባር ተብሉ ዋይ አነ ዋይ አነ!!
ሓምለ ክንደያ'ሉ ካብ እኽሊ ዝፍለ
ነሓሰ ክንደያ'ሉ ብጥሜት ዝፈለሰ
ጳጉሜን የውጽአና ካብ ጐመን (ሓምሊ)የብጽሓና
ጽቡቕ ዘመን ፡ ሡልና ንበል አሜን።